# ናይ ሓዘን መግለጺ

**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**
**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**23.04.2005**

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ብምኽንያት ዕረፍቲ ሸኽኣዲን ያሲን፡ ሓደ ካብታ ኣብ ቃልሲ ምእንቲ ናጽነት ብዙሕ ተሳትፎ ዘበርከተት ስድራ ቤት ብላታ ያሲንን፥ ሓው ነፍስሄር ተጋዳላይ ኣዚን ያሲንን ካልኦት ኣብ እተፈላለየ ጽፍሕታት ከይኖም እተቓለሱ ኣባላት እታ ስድራ ቤትን ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን ይገልጽ።

ነፍስሄር ሸኽኣዲን ያሲን፡ ብ1943 ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ኣብ እትርከብ ከተማ ዓሊ ግድር ተወሊዱ። መባእታዊ ደረጃ ኣብ ዓሊ ግድር፡ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ተሰነይ፡ ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካምቦኒ ኣብ ኣስመራ ኢዩ ተማሂሩ። ብድሕርዚ፡ ኣብ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ዩኒቨርሲቲ፡ ናይ ቍጠባን ትልምን ትምህርቲ ወሲዱ፤ በቲ ዝረኸቦ ብሉጽ ነጥብታት ድማ ክምረቕ እንከሎ፡ ናይ ወርቂ መዳልያ ተሸሊሙ። ቀጺሉ፡ ካብ ዩንበርሲቲ ሊድስ፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ብቍጠባ ናይ ማስትረይት ዲግሪ ወሲዱ።

ትምህርቱ ድሕሪ ምውዳእ፡ ኣብ ሚኒስርቲ መጓዓዝያን ትልምን ኢትዮጵያ ስራሕ ጀሚሩ። ድሕሪ ደርጊ ዝፈጸሞ ዕልዋ ድማ፡ ናይ ቍጠባ ኣማኻሪ ኮይኑ ኣብ 13 እተፈላለያ ቍጠባዊ ትካላት ናይ ኢትዮጵያ ኣገልጊሉ። ኣብ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ቅሳነት ስለእተሳእነ፡ ናብ ሱዳን ተሰዲዱ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መጓዓዝያ ይሰርሕ ነይሩ። ብድሕርዚ ንዕስራ ዓመታት ዝኸውን፡ ኣብ ናይ ኣቡዘቢ ፋንድ ወይ ሳጹን ንቍጠባዊ ልምዓት ሰሪሑ። እዚ ፋንድዚ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታ ንኣፍሪቃ ዘበርክት ትካል ኢዩ ነይሩ። ነዚ ፕሮጀክትታትዚ ንምክትታል ክብል፡ ንብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ ምብጻሕን ምፍላጥን ዕድል ረኺቡ። ነቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝከታተሎ ዝነበረ ፕሮጀክትታት፡ ዝህቦ ዝነበረ ቍጠባዊ ምኽርታት ብሉጽን ዕዉትን ነይሩ። ነፍስሄር ሸኽኣዲን ዝሰርሓሉ ፕሮጀክትታት ኵሉ ብዓይነቱ ምሩጽ ኢዩ ነይሩ።

ነፍስሄር ሸኽኣዲን፡ ብ13 ሚያዝያ 2005 ኣብ ርእሰ-ከተማ ናይ ኣቡዘቢ ዓሪፉ። በዚ ኣጋጣሚዚ፡ ንነፍስሄር መንግስቲ ሰማይ የውርሶ፡ ንቤተ-ሰቡ ድማ ጽንዓት ይሃቦም እናበለ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናይቲ መሪር ሓዘኖም ተኻፋሊ ምኧኑ ይገልጽ።